# ናይ ባንኪ ሕሳብ ብኸመይ ከምትኸፍቱ

ሰነ 2010

Opening a bank account - Tigrinya

ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ፣ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ውቕባ፣ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ (DLR) ወይድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ መንበሪ ፍቓድ (ILR) እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡ ኣብ ስኮትላንድ ይኹን ኣብ ዝኾነ ካልእ ከባቢ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ባንኪ ሕሳብ ከተውጽኡ መሰል ኣሎኩም።

HAPPY TO TRANSLATE

እንተኾነ ግና እቲ ባንኪ ንዓኹም ናይ ባንኪ ሕሳብ ቅድሚ ምሃቡ፡ ብዛዕባ መንነትኩምን ኣድራሻ መንበሪኹምን ከረጋግጹ ይደልዩ።

እዚ ሓጺር ጽሁፍ እዚ ናይ ባንኪ ሕሳብ ንምኽፋት እንታይ ዓይነት ሰነዳት ከምዘድልየኩም፣ ናይ ባንኪ ሕሳብ ብኸመይ ምኽፋት ከምዝከኣል ከምእውን እንታይ ክንሕግዘኩም ከምእንኽእልን ዝገልጽ ጽሑፍ እዩ።

## ናይ ባንኪ ሕሳብ ንምኽፋት እንታይ የድልየኒ?

ነፍሲ ወከፍ ባንኪ ናይ ባዕላ ዝኾነ ቅቡል እትብሎ ናይ ትክሓትት እንከላ፡ ሓደሓደ ባንክታት ካብ ካልኦት ዝያዳ ሰነዳት ክሓታ ይኽእላ እየን። ብዙሕ ግዜ ናይ ባንኪ ሕሳብ ብምኽፋት ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ዘረጋግጽ ሰነዳት ነተቅርብ ትሕተት፥

- መንነት፣
- ፍቓድ መንበሪ፣ ከምእውን
- ኣድራሻ።

መብዛሕትአን ባንክታት ብዙሕ ግዜ ኦሪጅናል ዝኾነ ሰነድ ወይድማ ዝተረጋገጸ ቅዳሕ ጥራይ ከምዝቕበላ ዘክሩ።

ካብዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ፡ **እንተወሓደ ሓደ መረጋገጺ መንነት** ከተርኢ የድልየኩም፥

- ካብ ቤት ጽፈትት ጉዳይ ስደተኛታት ናይ መንበሪኹም ፍቓድ ዘረጋግጽ (ናይ ስደተኛታት መንበርሪ ፍቃድ፣ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ውቕባ፣ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ፣ ወይድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ ፍቓድ) ከምእውን ናይ መስርሒ ፍቓድ – ኦሪጂናል ሰነድ ወይድማ ብቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ዝተረጋገጸ ቅዳሕ ሰነድ፣
- ብቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ዝወሃብ ሰርቲፊኬት መንነት - ኦሪጂናል ሰነድ ወይድማ ናይ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት መጥቀሲ ቁጽሪ ዘለዎ፣ ዝተወለድክምሉ ዕለት ከምእውን ዝወድቀሉ ዕለት ዘልዎ ዝተረጋገጸ ቅዳሕ ሰነድ፣
- ናይ ረብሓታት (በነፊት) ክትቅበሉ መሰል ከምዘለኩም ዘረጋግጽ ደብዳቤ፣ ወይድማ
- ናይ ኢሚግሬሽን መረጋገጺ ሰነዳት።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ ። ናይ ግብረሰናይ ቁጽሪ መዝገብ፡ SC008639

ከምእውን ካብዞም ዝሰዕቡ ናይ ኣድራሻ መረጋገጺ እንተወሓደ ሓደ ከተርእዩ የድልየኩም፥

- ካብ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ስምኩም ከምእውን ህልው አድራሻኹም ዝገልጽ ደብዳበ፣
- ስምኩምን ህልው አድራሻኹምን ዝገልጽ ናይ ክፍሊት ወረቐት፣
- ስምኩምን ህልዊ ኣድራሻኹምን ዝገልጽ ካብ መንግስቲ ዝተወሃበኩም ደብዳበ፤ ንኣብነት ካብ ጆብሰንተር ዝተወሃበኩም ስምኩምን ህልው ኣድራሻኹምን ዝገልጽ ደብዳበ፣ ወይድማ
- ስምኩምን ህልው ኣድራሻኹምን ዝገልጽ ናይ ክራይ ስምምዕ።

ከምእውን እቲ ባንኪ ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታውን ክሓትት ይኽእል እዩ፡ ንኣብነት ናይ እቶትኩም መረጋገጺ።

## ናይ ባንኪ ሕሳብ ንምኽፋት ናበይ ክኸይድ ይግበኣኒ?

ናብታ ዝመረጽኩማ ባንኪ ቀርንጫፍ ብምኻድ፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ መንነትኩም ዝገልጽ ሰነዳት ሒዝኩም ክትከዱ የድልየኩም። Lloyds TSB ከምእውን Barclays ካብተን ክትከድወን እትኽእሉ ባንክታት ከምኣብነት ክጥቀሳ ይከኣል። ብዘይ ቆጸራ ናብቲ ባንኪ ብምኻድ ብዛዕባ ናይ ባንኪ ሕሳብ ምኽፋት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ወይድማ ኣቐዲምኩም ብምድዋል ቆጸራ ክትሕዙ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ኣብ ከባቢኹም ዝርከባ ቀርንጫፍ ባንክታት ዝርዝር ኣድራሻ ኣብቲ መሐበሪ ስልኪ ቁጽሪ ወይድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ባንኪ ክትረኽብዎ ትኽእሉ።

## ናይ ባንኪ ሕሳብ ንምኽፋት ክንደይ ዝኣክል ግዜ ይወስድ?

እቲ ናይ ምምልካት መስርሕ ብመሰረት እቲ ዝኸድካዮ ባንኪ ይፈላለ እዩ፤ እንተኾነ ግና ግቡእ ዝኾነ ሰነዳት እንተደኣ ኣማሊእኩም፡ ብዙሕ ግዜ ካብ 2-3 ሰሙን ክነውሕ የብሉን።

እቲ ዘእተኹሞ ምልክታ ተቐባልነት ንኽረክብ ናብ ካልእ ፍሉይ ክፍሊ ክለኣኽ እንተደኣ ኣድልዩ፡ ነቲ ናይ ባንኪ ሕሳብ ንምኽፋት ነዊሕ ግዜ ጅወስድ ይኽእል እዩ። እቲ ዘቕረብክሞ ምልክታ ናብ ካልእ ክፍሊ ከመሓላለፍ እንተደኣ ኰይኑ ዎእቶም ሰራሕተኛታት ባንኪ ክሕብርኹምን ንምንታይ ከምኡ ከምዘድለየ ድማ ክገጽልኩምን እዮም። ከምእውን ምልክታኹም ብዝምልከት ውሳነ ኣብ ምሃብ ክንደይ ግዜ ከምዘድሊ ክገልጽልኩም እዮም።

**መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ባንኪ ሕሳብ ተዋሂብኒ ኣሎ፣ እንታይ ክገብረሉ እኽእል?**

መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ባንኪ ሕሳብ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ባንኪ ኣገልግሎታት ይህብ። ገንዘብ ንምኽፋልን ገንዘብ ንምውጻእን ክትጥቀምሉ ትኽእሉ።

መሰረታዊ ብዝኾነ ናይ ባንኪ ሕሳብ ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ትኽእሉ፥

- ገንዘብ ካብ ናይ ወጻኢ ምንጭታት ከምኒ ናይ በነፊት ኤጀንሲ ወይድማ እትሰርሕሉ ኩባንያ ብቐጥታ ናብ ሕሳብኩም ከምዝኣቱ ምግባር፣
- ብመንገዲ "standing order" (ደጋጊምካ ዝግበር ወጻኢ) ወይድማ ሓደ ግዜ ጥራይ ዝግበር ወጻኢ ገንዘብ ካብ ናይ ባንኪ ሕሳብኩም ከምዝወጽእ ምግባር፣
- ካልእ ሰባት ብመንገዲ "ዲረክት ደቢት" ገንዘብ ካብ ባንኪ ሕሳብኩም ክወስዱ ምፍቃድ፣ ከምእውን
- ካብ ናይ ጥረ ገንዘብ መውሃቢ ማሽን ገንዘብ ንምውጻእ ዘገልግሎኩም ናይ ደቢት ካርድ ይወሃበኩም። ከምእውን ብመንገዚ ኦንላይን ወይድማ ኣብ ገለገለ ድኳናት ብምኻድ ዘድልየኩም ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም (ነቲ ባንኹም ተወከስዎ)።

**ነቲ ዝጥቀመሉ ኣገልግሎታት ክኸፍል ይግበኣኒ ድዩ?**

መብዛኽትኦም መሰረታዊ ዝኾኑ ናይ ባንኪ ሕሳባት ናጻ እዮም። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ መብዛሕትኦን ናይ ጥረ ገንዘብ ማሽናት ምኽትጥቀም እትኸፍሎ ነገር የለን። እንተኾነ ግና፣ ኣብ ባንኪ እኹል ዝኾነ ገንዘብ ምስዘይህልወኩም እሞ፣ ዲረክት ደቢት ጌርኩም እንተደኣ ከፊልኩም እሞ ክንድቲ ክትከፍልዎ ዝፈተንኩም እኩል ገንዘብ ስለዘይብልኩም እቲ ክፍሊት እንተደኣ ተመሊሱ፣ ናይዚ ባንክኹም ከኽፍለኩም ይኽእል እዩ።

**ናይ ባንኪ ሕሳብ ክኸፍት ምስዘይክእል እንታይ ካልእ ኣማራጽእታት ኣሎኒ?**

ናይ ባንኪ ህሳብ ክትከፍቱ እንተደኣ ዘይከኣልኩም፣ ናይ ፖስት ኦፊስ ሕሳብ ንኽትከፍቱ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ነቶም ናይ ባንኪ ሕሳብ ክኸፍቱ ዘይክእሉ፣ በነፊት፣ ናይ ስቴት ጥሮታ ከምእውን ናይ ቀረጽ ክረዲት ክፍሊት ዝቕበሉ ሰባት ዝወሃብ ኣዝዩ ቀሊል ዝኾነ ዓይነት ኣካውንት እዩ። ካልእ ዓይነት ክፍሊት ከምኒ ናይ ኣባይቲ በነፊት፣ ናይ ስራሕ ጥሮታ ክፍሊት፣ ወይድማ ካብቲ ዘሰረሓኩም ኩባንያ ደሞዝ ናብዚ ኣካውንት እዚ ከተእትዉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ከምእውን ናይ ግልኹም ዝኾነ ካልእ ዓይነት ክፍሊት ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

በነፊት እንተደኣ ትቕበሉ ኰንኩም፣ ናይ ፖስት ኦፊስ ኣካውንት ካርድ ከተውጽኡ ዝሕግዘኩም "ናይ ዕድመ ደብዳበ" ክህበኩም ነቲ ናይ ከባቢኹም ጆብሰንተር ሕተትዎ። ኣካውንት ንምኽፋት ድማ ነቲ ናይ ዕድመ ወረቐትን ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድኩም ሒዝኹም ናብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ፖስት ኦፊት ኪዱ።

ናይ ፖስት ኦፊስ ኣካውንት ካርድ ካብ ዝኾነ ፖስት ኦፊስ እቲ ዝሃብኹም ናይ ደቢት ካርድ ብምትቃም ጥረ ገንዘብ ብናጻ ከተውጽኡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣድራሻ ምስዝቕይር ከ?**

ናይ ባንኪ ሕሳብ ሓንሳብ ምስ ከፈትኩም፡ ኣድራሻ እንተደኣ ቀይርኩም *ኩሉ ግዜ* ነቲ ባንክኹም ቀልጢፍኩም ክትሕብርዎ ይግባእ።

**ናይ ስኮትላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል ብኸመይ ክሕግዘኒ ይኽእል?**

ናይ ባንኪ ሕሳብ ንምርካብ ድሮ እንተደኣ ኣመልኪትኩም ኰንኩም እሞ ዕውታት ምስዘይትኾኑ፡ ምኽሪ ንምርካብ ክትውከሱና ትኽእሉ ኢኹም። ናብዚ **ስልኪ ቁጽርና** 0800 085 6087**ብናጻ** ካብ ናይ ገዛ ስልኪ ብምድዋል ትክውከሱና ትኽእሉ ኢኹም።

ደሓር ምስቲ ባንክኹም ቆጸራ ብምሓዝ ዘለኩም ኣማራጽእታት ንምምይያጥን ሓገዝ ክንህበኩምን ምሳኹም ናብቲ ባንኪ ክንከይድ ንኽእል ኢና። እቲ ሓገዝ እዚ እንክበኩም፡ *መጀመርያ* ባዕልኹም ናይ ባንኪ ሕሳብ ክትከፍቱ ፈቲንኩም እንተደኣ ዘይሰለጠኩም **ብድሕሪኡ** ጥራይ ምዃኑ ከተስተውዕሉ ይግባእ።

**ብዛዕባ ፋይናንስ ናጻ ሰሚናር ተሳተፉ**

ብዛዕባ ናይ ባንኪ ሕሳብ፣ ኣተሓሕዛ ገንዘብን ልቓሕ ብዝምልከትን ዝያዳ ክትፈልጡ ምስ እትደልዩ ወይድማ ንግዲ እንተደኣ ክትጅምሩ ደሊኹም፡ እቲ ብናጻ እንህቦ ናይ ፋይናንስ ትምህርቲ ፕሮጀክት ዝብል ሰሚናር ግርም መበገሲ ክኾኖኩም ይኽእል እዩ።

ዝያዳ ሓበሬታ ብምርካብ በዚ ኢመይል፡ carolanne.nehme@scottishrefugeecouncil.org.uk

**ስ.ቁ፡** 0141 223 7971 **ሞባይል፡** 07734 030761 ተወከሱ።


ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ ። ናይ ግብረሰናይ ቁጽሪ መዝገብ፡ SC008639